መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ስነፍልጠት: እናተጻወትካ ኣብ ገዛ

## ስነፍልጠት ኣብ ገዛ

### እናተጻወትካ ትምህርቲ ብዛዕባ ስነፍልጠት

ጸወታ ኣገዳሲ ኣካል ናይ ውሉድካ ትምህርትን ፈጠራን'ዩ:: ጸወታ ተጠቒምካ ዝግበር ትምህርቲ ብዛዕባ ስነፍልጠት ውሉድካ ኩሎም ናይ ስምዒት ህዋሳታቶም ይጥቀሙ-ምርኣይ: ምስማዕ: ምሽታትን ምስትምቓርን:: ብተወሳኺ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ነገራት ትንቢት ምሃብ: ምዕዛብ: ምግላጽን ምንጽጻርን ይመሃሩ:: ውላድካ ዳህሳስ ክገብርን ሕቶታት ክሓትትን ግደፎ:: ዝያዳ ካብ ኩሉ ከኣ ህንጡይነቶምን ፈጠራኦምን ሓብሕቦን ብናቶም ቅልጣፈ ክመሃሩን ክፈልጡን ግደፎም::

### ኣብ መጻወቲ ባንቡላ ዜቐመጡሉ ሳጹን

- ንውሉድካ ነቶም መጻወቲ ባንቡላታት ብመጠን ዕቤቶም: ቅርጾም: ሕብሮም: ምልማጾምን ክብደቶምን ከምዝሰርዎም ግበር:: ውላድካ ንገለ ካብ'ቶም ባንቡላታት ንምንታይ ብሓንሳብ ከምዝሰርዕዎም ክገልጹልካ ሕተቶም::
- ሓንቲ ባንቡላ ኣብ ነብሲወከፍ ኢድ ናይ ውሉድካ ኣንብር: ኣየነይተን ከምእትከብድን ከምእትፎክስን ክነግሩኻ ሕተቶም::
- መጻወቲ ቆልዑ መካይን: ከበብቲ ኣእማን እምነበረድ መጻወቲ ቆልዑን ኩዕሶታትን ኣብ ጸፊሕ መደያይቦን ኣብ ቅንን ዝበለ ቦታን ክንደይ ናህሪ ከምዘለዎም ርአ:: እቶም ጽፍሕታት እናቐያየርካ ፈተነ ኣካይድ::

ውላድካ ብውሽጢ ክርእይዎ ኣብ ዘይክእሉ ጸሊም ዝሕብሩ ፕላስቲክ ኣቕሑት ኣቐምጥ:: ዝተፈላለዩ ኣቕሑት ኣብ'ቲ መትሓዚ ኣቐምጥ:: ውላድካ ኢዶም ናብ ውሽጢ እቲ ፕላስቲክ ከምዘእትው ግበር: እቲ ዝስመዖም ዝተፈላለየ ገበር: ልሙጽ: ጻምራውን ሓርፋፍን ይግለጹልካ::

### ኣብ ክሽነ:

- ዝተፈላለዩ ኣቕሑት ክሽነ: ከም መግሓጢ ኣይስክሪም ጭልፋ: ብኢድ ዝተሓዝ ኣለክትሪክ መኾሲ: መኽፈቲ ዕሹግ ታኒካ: መቐረፊ ድንሽን መጽቀጢ ጻዕዳ ሽጉርትን ከመይ ከምዝሰርሑ ተዓዘብን ፈተነታት ኣካይድን::
- ንውላድካ ብክልተ ወገን ናይ ማንካ ዘሎ ምስሎም ክምልከቱ ሕተቶምን ከም'ዚ ኢልካ ከኣ ሕተቶም: *ንምንታይ እዩ እቲ ነጸብራቕ ዝተፈላለየ ኮይኑ ኢልካ ትሓስብ? ን በየናይ ወገን ናይ'ቲ ማንካ'ዩ ምስ ምስልኻ ኣብ መስትያት ምርኣይ ዝመሳሰል?*
- ደቅኻ ነገራት ናይ ምውህሃድ ክእለቶም ብዝተፈላላየ ዓይነት መትሓዚ መንቀርቀር (ቶንግን ብዕንጨቲ ዝተሰርሐ ቾፕስቲክን) እናልዓሉ ከምዝለማመዱ ግበር::
- መጻወቲ ጭቃ ስራሕ:: ብኣና ዝተዳለወ መጻወቲ ጭቃ ከመይ ከምትሰርሕ ዝገልጽ ናይ ጥፈታት መወከሲ ሓበሬታ ተመልከት::

### ኣብ መሕጸቢ ምጽዋት

- ዝተፈላለዩ ኣቕሑት ይጠልቑ'ዶ ኣይጠልቑን ንምርኣይ ፈተነ ኣካይድ:: ቅድሚ ፈተነ ምክያድካ ግምት ሃብ: ነዚኦም ዝመስሉ ሕቶታት ከኣ ሕተት: *ንምንታይ'ዮም ገለ ነገራት ዘንሳፍፉ ገሊኦም ከኣ ዝጥሕሉ? ከመይ ጌርካ ኢኻ ዘንሳፍፍ ነገር ከምዝጥሕል ትገብሮ ወይ ከኣ ዝጥሕል ነገር ከምዘንሳፍፍ ትገብሮ?*



Department of Education

**ዝያዳ ጽሑፋት ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።**

© Department of Education, Western Australia, 2015

CC BY